# ቀዳም ሥዑር

## ማያዝያ 28 2016- ዓ.ም. (5/04/2024)



ወትቤ ሲኦል አይ ውእቱ ዝንቱ ዘእም ሥልጣንየ ሥጋ ለቢሶ ዘሞዐኒ፥ መኑ ውእቱ ዝንቱ ዘምድረ ለብሰ፥ ውእቱኬ ሰማያዊ ውእቱ።

ንባባት፡ ሮሜ 6፡3-11፥ ጴጥ 3፡15-ፍ፥ ግ.ሓ. 3፡12-4፡5፥ ማቴ 28፡1-10

ምስባክ፡ አንሰ ሰከብኩ ወኖምኩ፥ ወተንሣእኩ እስመ እግዚአብሔር አንሥአኒ ኢይፈርህ እምአእላፍ አሕዛብ።

ተገምሰስኩን ድቃስ እውን ወሰደኒ፥እግዚአብሔር ስለ ዘተንስአኒ ካብቶም አእላፍ አሕዛብ አይፈርሕን እየ መዝ. 3፡5

ቀዳም ስዑር እንብሎ ሞት ብሞት ኢየሱስ ስለ ዝተሳዕረት መኳንንቲ ጽልመት አሸኒፉ ንኹሎም ነቶም ካብ አዳም ጀሚሮም መይቶም ዝነበሩ አብ ሰማይ አብ ሕቑፊ አብኡ መሪሒዎም ብምኻዱ እናዘከርና ስዕረት ሞት ኃጢአት ነስተንትን። ቀዳም ሥዑር መበሊአ መቕድም ትንሣኤ ስለ ዝኾነት እያ፥ አብ ክንድአ እሑድ ሰንበት ተሠርዔት ብሥዕረት ትንሣኤ ክርስቶስ ተተክኤት። ቅዳሴ አትናቴዎስ ንቀዳም ሥዑርን ንእሑድ ሰንበትን እንኬነጻጽር ንዑ ናልዕላ ለበኩረ በዓላት እንተ ይእቲ ሰንበተ ክርስትያን ቅድስት. . . ኦዛቲ ዕለት ለነብያት ተዐውቀት እምኃበ ሕዝበ አይሁድ ተሰወረት ወበኀቤነሰ ፍጹመ አስተርአየት. . . ለለሰሙኑ ትነግሥ . . . ኦዛቲ ዕለት እንተባቲ ብሊት ተጸርዓት ሓዳስ ጽንዓት ኦዛቲ ዕለት እንተባቲ ሙቊሓን ተፈትሑ ወአግብርተ ግዕዙ ይብል።

ሞት ክርስቶስ ሓዲስ ምዕራፍ አብ ታሪኽ ደቅ ሰብ እዩ አምጺኡ። ዕለተ ቀዳም ብሰንበተ ክርስትያን ተተኪአ፥ መንግስተ ሰማይ ተኸፊቱ፥ ሞት አብ ልዕሊ ሰብ ሓንቲ ሓይሊ ከምዘይብላ ገሩ። ቀዳም ሥዑር እተመሓላልፎ መልእኽቲ ንሕና እውን ንኹሉ ካብ አምላኽ ዝዓግተና ክንስዕሮ እሞ ምስኡ ደቂ ሰማይ ክንከውን የዘኻክረና። ከምቲ ክርስቶስ ክአል ኩሉ ፈጣሪ እንከሎ መይቱ አብ ትሕቲ መሬት ዝተቐብረ ንሕና እውን ንኹሉ ክፍአትና ድኽመትናን ቀቢርና ሓደስቲ ፍጥረት ክንከውን አምላኽ ሎሚ ይሓተና አሎ። ነዚ አነ ዝተጎዓዝክዎ ጉዕዞ ሒዝኩም ናባይ ቅረቡ ይብለና አሎ።

ማቴዎስ ንልብና ክትንክፍ ኢሉ ኢየሱስ ክርስቶስ ምስ ሞተ ዘጋጠመ ብኸምዚ ይገልጾ መጋረጃ ቤተ መቕደስ ካብ ላዕሊ ክሳብ ታሕቲ አብ ክልተ ተተርተረ ምድሪ አንቀጥቀጠት አኻውሕ ድማ ተጨዱ መቓብራት እውን ተኸፍቱ ሞይቶም ዝነበሩ ናይ ብዙሓን ቅዱሳን ሬሳታት ድማ ካብ መቓብራት ወጺኦም ናብታ ቅድስት ከተማ አተዉ ንብዙኃት እውን ተራይዎም (ማቴ 27 51-53) ይብለና። ምቕዳድ መጋረጃ ቤተ መቕደስ ዘመልክቶ ንኹሎም ደቂ ሰብ ናብ እግዚአብሄር አቦ ዝወስድ መገዲ ከምዝተኸፍተ እዩ (ዕብ 9፡15)፥ እቲ ሓዲስ ኪዳን ብደም ክርስቶስ ዝተሓትመ ከአ ተግባራዊ ክኸውን ጀሚሩ። አብ 1ጴጥሮ 3፡19 እንተ አንበብና ኸአ ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ብቀዳም ናብ ሲኦል ወረደ ነቶም አብኡ ተሓይሮም ዝነበሩ ነፍሳት ሓርነት ዝአወጀሉ ምኟኑ ነንብብ። ካብ መቑሕ ፈቲሑ መንግስተ ሰማይ ዝእተወሉ ስለ ዝኾነ ቀዳም ሥዑር ትብሃል።

አብዚ ዕለት ካብ ብርሃን ሓዊ (ሓዲስ ፍጥረት) ናብ ብርሃን ንጸልማት ዝቐንጥጥ ካብ ሓዘንን ጓህን ናብ ትንሣኤን ሓጎስን ንሳገር። ኲልና ብርሃን ሽምዓ ትንሣኤ አብሪህና ጥምቀትና ሓዲስና ብሓዲስ መንፈስ ምስ ኢየሱስ ሞትና ንትንሥእ።

አብ ቅዱስ መጽሓፍ ብፍላይ አብ ብሉይ ኪዳን ምልስ ኢልና እንተ ረኤና ብፍላይ አብ መጽሓፍ ዘፅአት ናይ እስራኤላውያን ካብ ባርነት ግብጺ ዝወጽኡሉ ነንበብ። እቲ ጉዕዞ ነጻነት ከምዚ አብ ጸሎተ ኃሙስ ዝግበር ብሓንሳብ ኮይኖም መስዋዕቲ ናይ በግዕ መስዋዕትን ብሓባር ዝበልዕዎን ይጅምር። ከምቲ ኢየሱስ ሕይወቱ አብ ዕለተ ዓርቢ ዝሰውአ። ኩሎም አይሁድ መዓጹ ገዛውቶም በቲ ደም በግዕ ክለኽይዎ ነርዎም ምኽንያቱ እንተዘይ ኮነ መልአኽ እግዚአብሔር መጺኡ ብለይቲ ነቶም በኹሪ ግብጺ ክቐትል እንከሎ ንበኹሪ እስራኤል እውን ክቐትሎም እዩ። በዚ ደም በግዕ ድኊኖም እዚ ኸአ አምሳል ናይእቲ ክርስቶስ ምእንቲ ኩልና ዘፍሰሶ ደም እዩ። ብጥምቀት ካብ ባርነት ኃጢአት ናብ ነጻነትን ሓዲስ ሕይወት አምላኽ ንአቱ።

አብ ባህሊ ላቲናውያን እንቋቕሖ ምልክት ትንሣኤ እያ በዚ እዩ "Easter Egg" ዝብሉ አብ ጊዜ ትንሣኤ። እዚ ኸአ ምልክት ናይ ሓዲስ ሕይወት እዩ። ሞት ኢየሱስ ሓዲስ ሕይወት ክህበና እዩ መይቱ። ቅ. ጳውሎስ ነቲ አረጊት ቀንጢጥኩም ነቲ ሓዲስ ቦታ ሃብዎ ይብል" ምስ ኢየሱስ ክርስቶስ ክንመውት ከሎና ጥራሕ ኢና ሓዲስ ሕይወት ክንለብስ እንኽእል።

አብ ባህሊ ዓድና ቀዳም ስዑር ብዙሕ ነገራት እዩ ዝግበር ንጋሆ አብ ቅዳሴ መኃልየ መኃልዩ አብ ምጅማር ቅዳሴ ይድገም አመ ተንሥአ ወአንሥአ ኵሎ ሙታነ አፈቀሮ እስከ አመ ፈቐደ እናበሉ ካህናት አብ መቕደስ እናዞሩ ይጽልዩ። ድሕሪ ቍርባን ዘሎ ጸሎታት ድያቆን ነአኩቶ ቅዱሳተ ነሲአና. . . .ይትነሣእ እግዚአብሔር ወይዘረዉ ፀሩ (3ጊዜ) ይብል። እዚ ኹሉ ንሓዲስ ትንሣኤ ክንቀራረብ ምእንቲ እዩ።

አብ ቀዳም ሥዑር ድሕሪ ቅዳሴ ሰቲ ይዕደል እዚ ኸአ አብ ሥርዓትና ከምቲ ርግቢት ንኖኅ ማይ አይጊ ከምዝፀሃየ ንምርዳእ ናይ ሰላም ምልክት ቆጽሊ አውልዕ ሒዛ ዝተመልሰት ከምኡ ከአ ብናይ ትንሣኤ ክርስቶስ ሰላምን ዕርቅን ከምዝኾነ ንምምልካት ገብረ ሰላም በመስቀሉ ትንሣኤሁ አግሃደ እናዘመርና ብድሮ ትንሣኤ ታሕጓስና ንምግላጽ ሰቲ ንዕድል። ካህናት ለባስያን ከምኡ ዜማ እናዘሙ ይዕድሉ። ህዝቢ ካብ ገዝኡ ወጺኡ ይቕበል ብሩኽ ትንሣኤ ይግበረልና እናበሉ ምንዮቶም ይገልጹ።

አብዚ እንርእዮ ኩሉ ንትንሣኤ ክርስቶስ ክሰናዶ ከምዝግባእ፥ ብግልናን ብሓባርን ንትንሥኤ ክርስቶስ ፍሉይ ምቅርራብ ክንገብር ይግብአና፥ እምብአር ብዓልና ፍሉይ ክኾነልና እንታይ ክንገብር የድሊ ኢልና ምስ ሕልናና ክንዛረብ አሎና። ከም መበገሲ ነዚ ዝስዕብ ክንርኢ ንኽእል።

- ሰላም አብ ኩሉ ክነግስ ምጽዓር፡- ቀዳማይ ፍረ ትንሣኤ ክርስቶስ ሰላም እዩ። ሎሚ ሰብ ሰላም አብ ኩሉ ዳርጋ ስኢንዎ አብ ዘለዎ እዋን ንጉሥ ሰላም ክርስቶስ ሰላሙ ክህበና ምልማኑ። ነቲ ምእንታና ዘፍሰሶ ደሙን አብ መስቀል ሞቱን ክንዝክር እሞ ሕይወትና ክንቅይር ክሕግዘና ንለምኖ። ገብረ ሰላም በመስቀሉ እናበልና ክንዝምር እንከሎና ፍሉይ ርድኢት ክህልወና ይግባእ።
- ብኃጢአትና ንብከ። ንነሳሕ ደፊርና ሕይወትና ነቐይር። አምላኽ ሎሚ አብ ልብና አብ ሕይወትና ክአቱ ይኵሕኵሕ አሎ እቶ ንበሎ። አብ ሰንበት ሆሣዕና ድያቆን "አርኅዉ ሆኃተ መኳንንት" እናበለ ዝኳሕኵሐ ሎሚ እውን ይኵሕኵሕ አሎ እሞ ንኽፈተሉ። አብ ዓመት ሓደ ጊዜ ብግዲ ተናዘዝ ዝብል ሕጊ ቤተ ክርስትያን ንኽብር።
- ብእምነት ክንዓቢ ይግባእ። እምነትና አይምዉት አይ ሕይወት ዘለዎ ከይኑ አብ ዘለዎ ጊዜ ክንበራበር ምስ ክርስቶስ ክንትንሥእ ፍቓደኛታት ንኹን። ሓዲስ ርክብ ምስ

ኣምላኽ ክንፈጥር ኣሎና። ዘሎናዮ ዓይነት ሕይወት ንኣምላኽ ክነለሊ ይሕግዘና የለን እሞ ኣገባብ ኣጸላልያና ከምኡ ኣብ መንፈሳዊ ሕይወትና ዝሕግዝ ሰናይ ግብሪ ንፍጠር።

- **ሰበኽቲ ሓቂ ንኹን።** ሎሚ ሰብ ተለኺፉ ዝተባህለን ዘይተባህለን ከውሪ ንርኢ ኣሎና ስለዚ ሓቀኛ ወረ ክርስቶስ ኣብ ኵሉ ነብጽሕ። ንሕና ኢና ንኢየሱስ እንልኣኾ፥ ንሕና ኢና ኣብ ቅድሚ እዚ ጸላም ዝወረሶ ዓለም ብርሃን ኮና እነብርሆ ስለዚ ንበራበር ካብ ድቃስና ንተንስእ።
- **ዕሩፍ ሕይወት ንምራሕ፡** ሰብ ሎሚ ህዉኽ ሕይወት ጥራሕ ዝነብር ኮይኑ ኣመት ነፍሱ ረሲዑ ኣብ ጉያን ሃነፍነፍ ኣብ ምባልን ጥራሕ ኣተኲሩ ከይተረድኦ ሕይወት ይሓልፍ ኣሎ። ንኣምላኽን ንሕይወቱን እዩ ዘንጊዑ ዘሎ፥ ስለዚ ሎሚ ክምለስ ክሕደስ ሰላም ዝነገሶ ርጉእን ቅድስና ዘልኦ ክመርሕ ይዕደም ኣሎ።

ኣብዚ ድሮ ብዓለ ትንሣኤ ኣብ ዘሎናዮ እዋን ፍሉይ መልእኽቲ ኣምላኽ ሓዲስ ሕይወት ክንለብስ እሞ ካብ ኣረጊት ጠባይና ኣካይዳ ሕይወትና ክንቅይር ስንድዋት ከምዝኾና እሽታና ንግለጽ። ብኃጢአትና ተአሚና ኣብ መንበረ ኑዛዜ ቆምና ንነሳሕ ንኣምላኽ ምሓረኒ ኢልና ምስ ሓውናን ሓፍትናን ምሉእ ዕርቂ ንግበር። ኣብ ገገዛና ብርሃን ትንሣኤ ክርስቶስ ክአቱ ንዓድሞ። ብምሉእ ልብና ኣብ ኣምላኽ ክንቀርብ ልብና ነንጽሕ።

ብሩኽ ብዓለ ትንሣኤ ንኹልና።

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ